homes victoria

50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቐማጦ
ጎደና 106 108 110 112 ኤልሳቤጥ/Elizabeth
ሪችሞንድ

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ብዛዕባ ገስጋስ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓቢ ህንጻት ኣባይትን መደብ ዳግመ ምምዕባል ሰማይ ጠቀስ ደርብታትን ንምሕባር ኢና ንጽሕፈልኩም ዘለና።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ናይቲ መደብ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ሕጂ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ንምድላው ንግስግስ ኣለና ማለት እዩ። **ናይ ሎሚ ምልክታ ንህንጻኹም ወይ ንገዛኹም ኣይጸልዎን እዩ።**

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፧

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዘም ህንጻታት ተዛሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

ምስቶም ኣብዚ ሰማይ ጠቀስ ህንጻታት ዝነብሩ ተቐማጦ ኣዘውቲርና ንራኸብ ኣሎና። **ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት 2028**፡ እቲ ዳግመ ህንጻት እንዳተኻየደ ከሎ ናብ ምቹእ ቤት ንኽግዕዙ ንምሕጋዝ ምስዘም ስድራቤታት ብቐረባ ክንዓዩ ኢና።

## ኣብ ጥቕኡ ሓደስቲ መንበሪ ገዛውቲ ንሃንጽ ኣለና

ነዞም ነበርቲ ብናይ ምግዓዝ ኣማራጺታት ንምድጋፍ ድሮ ኣብ ጥቕኦም ብቕዓት ዘለዎም ሓደስቲ ገዛውቲ ይሰርሑ ኣለዉ። ኣብዚ ዓመት እዚ ክዛዘም ትጽቢት ይግበረሉ፣ እዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልል፥

- ጎደና Essex/ኢሰክስ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና Simmons/ሲሞንስ, South Yarra/ሳውዝ ያራ
- Barak Beacon/ባራክ ቢከን, Port Melbourne/ፖርት መልበርን
- Holland Court, Flemington/ሆላንድ ኮርት፡ ፍሌሚንግተን

እዞም ገዛውቲ ንምውዓይን ንምዝሓልን ዝቐለሉ ክኾኑ እዮም፣ ንናይ ምንቅስቓስ ድሌታት ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ምቹኣት ክኾኑ እዮም፣ ዝተመሓየሸ ዉሕስነት፣ ብርሃንን ንምንቅስቓስ ኣየርን ዘለዎም ከምኡ ድማ ባርኮኒን ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንትን ዘለዎም ክኾኑ እዮም።

## ኣብ ከባቢኹም

ነቶም ኣብ **ጎደና 139 ሃይት ዝነብሩ ተቐማጦ ከምኡውን ነቶም ኣብቲ ብመሳልል ዝድየብ ህንጻታት ኣብ ጎደና ኤልሳቤጥ/Elizabeth፡ ዊልያምስ/Williams ከምኡውን ኣንደርሰንAnderson Courts ዝርከቡ** ኣብ ምቅያሮም ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ንድግፎም ኣለና። ዳርጋ 85 ሚእታዊት ካብ ስድራ ቤታት ድሮ ግዒዞም ወይ ናብ ካልእ ቦታ ይግዕዙ ኣለዉ ኵላቶም ከኣ ክሳዕ ለካቲት 2026 ክግዕዙ ኣብ መንገዲ ኣለዉ።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ባዶ ኣፓርታማታት ውሕስነት ከም ዘለዎ ነረጋግጽ ኣሎና። ብመሳልል ዝድየቡ ህንጻታት ባዶ ምስ ኮኑ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍና ከነጽርዮምን ከንዕቅቦምን ኢና።

እዚ ኣብ ዝኼነሉ እዋን ነቲ ናይ ጽገና መደብ እንተላይ ምምሕያሽ ድሕንነት፣ ምምሕያሽ ኣፍ ደገ ከምኡውን ኣብ ግዳም ዘሎ ቦታታት ንቐጽል ኣሎና።

## ብዛዕባ መደብ ዳግመ ምምዕባል

ኣብ መልበርን ዝርከቡ ዝኣረጉ ሰማይ ጠቀስ ደርብታት ብዘመናዊ መለክዒ፡ ምቾት፡ ተበጻሕነትን ብቅዓት ጸዓትን ዘማልኡ ሓደስቲ ገዛውቲ ክቕየሩ እዮም።

ነዞም ህንጻታት ዳግማይ ብምምዕባል፡ ነበርቲ ሕጅን ንመጻእን ውሑስን ኣብ ውሑስ፡ምቹእ ከምኡ ድማ ምስ ድሌታቶም ዝሰማማዕን ገዛውቲ ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ነረጋግጽ ኣለና።

ኩሎም ተቐማጦ ብዛዕባ መደባት ሓደስቲ ኣባይትን ንድፊ ጐረባብትን ምኽሪ ክሕተቱ እዮም። ቅድሚ ጥሪ 2028 ዋላሓደ ተወሳኺ ዳግመ ምግዓዝ ሰማይ ጠቐስ ደርብታት ኣይጅመርን እዩ።

## ምትእስሳርን እዋናዊ ሓበሬታን ይሃልኹም

ቤትኩም ክፋል ናይዚ ሰማይ ጠቀስ ዳግመ ህንጸት፡ ኣይኩነን እንተኾነ ግን ኣብ ከባቢኻ ለውጢ ይግበር ከም ዘሎ ከተስተብህል ትኽእል ኢኻ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ናይቲ ፕሮጀክት ምስ ሓድሽ ሓበሬታታት ክንራኸብ ኢና።

ብተወሳኺ ናብ መርበብ ሓበሬታና ኣብ homes.vic.gov.au ብምእታው ኣብ ከባቢኹም እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ክትዕዘቡን እዋናዊ ዜናታት ንምርካብ ንዝመጽእ ሓድሽ ሓበሬታ ክትምዝገቡን ትኽእሉ ኢኹም።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026